
ምስ HORTON ብምኧን ነቲ ስራሕ ምጅማር
ካብ ዋና-ኣማሓዳሪ Dr. Devon Q. Horton ዝተዋህበ መልእኽቲ
DeKalb County
School District

12 የካቲት 2024


Strategic Plan Stakeholder Survey
Scan the QR code to take the survey
We would like your feedback to develop the 2024-2029 Strategic Plan. All students, parents, community members, and district employees are encouraged to participate.
DeKalb County


ዳህሳሳዊ መሕተት ስትራተጅያዊ ውጥን መሻርኽቲ
ነዚ ዳህሳሳዊ መሕተት ንምምላእ፡ ንኮድ QR ስካን ግበርዎ
ስትራተጅያዊ ውጥን 2024-2029 ንኽነማዕብል ዚሕግዘና ርእይቶታኩም ክትህቡና ንደሊ። ኩሎም ተማሃሮ፡ ወለዲ፡ ኣባላት ኮምን ሰራሕተኛታት ኣውራጃን ንኺሳተፉ ምትብባዕ ይግበረሎም።
DeKalb County
School District

**ድምጽኹም፡ መጻኢና'ዩ**

DeKalb County School District፡ ንስትራተጅያዊ ውጥን 2024-2029 ንምድላው ጉዕዞ ጀሚሩ ኣሎ፣ ስለዚ፡ ኩሎም ተማሃሮና፡ ወለዲ፡ ሰራሕተኛታትን ኣባላት ኮምን ኣብ ራእይ'ተን ዘለዋና ኣብያተ-ትምህርትን ኮምን ቅርጺ ኣብ ምትሓዝ ንኺተሓጋገዙ ንጽውዕ ኣሎና።

ንዳህሳሳዊ መሕተት መሻረኺቲ ስትራተጅያዊ ውጥን ንምውሳድ፡ ብኽብረትኩም ኣብ ታሕቲ ስእሊ ንዘሎ ኮድ QR ስካን ግበሩ ወይ ንhttps://bit.ly/3SdUJq3 ከፊትኩም ርኣዩ።

ብሕብረት ኳንና ንብሉጽነት ንሰርሕ ኣሎና። ናብቲ ዘተ ተጸንበሩ፣ ነቲ ኩልና እንኣምኖ መጻኢ ንህነጽ።

**ፖሊሲ ተሳታፍነት ወለዲ (በጻሕቲ ቤት ትምህርቲ)፥ ርእይቶ የድሊ**

ሕቶ ThoughtExchange፥ ብዛዕባ ኣብ ስራሕ ዘሎ ፖሊሲ ወለንታውያን (ፖሊሲ ቦርድ IFCD፡ ወለንታውያን ቤት ትምህርቲ) ዚምልከት ሓሳባትኩም እንታይ እዩ፧

https://my.thoughtexchange.com/scroll/779427686/welcome




ፍሉይ ዝኾነ ሓድሽ ዓመት ወርሒ ንኹሎም ስድራቤታት DCSD ኪኽውን ንምነ! እዚ ዓመት ድራጐን'ዚ፡ ሓይልን ብልህነትን የምጽኣልኩም። ብዛዕባ'ቲ ኣብ ሓድሽ ዓመት ዘሎ ዕድላት ብምእዋጅ፡ ኣብዕልዎ፣ ርእይቶኹም ኣካፍሉን ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ብጽሑን!




Hitting The Road With Horton - Brockett ES and Idlewood ES (እንግሊዝኛ/ስጳንኛ)

https://www.youtube.com/watch?v=22ht1Weloi4







DCSD፡ ኣብ ሓደ ካብዚ ኣዝዩ ኣገዳሲ ክፋላት ትምህርቲ፥ ኣጠቓቕማ ግብሪ ዶላር ንኺሳተፉ ንኹሎም ኣባላት ኮም ይዕድም።

ኩሉ ህዝቢ፡ ንኣባልነት ኮሚቴ ኣማኸርቲ E-SPLOST (ብዛዕባ ፍሉይ ዝዕላማኡ ኣማራጺ ግብሪ መሸጢ ዚምልከት ትምህርቲ (Education Special-Purpose Local Option Sales Tax)) ንኺመልክት እዕድም ኣለኹ። መመልከቲታት፡ ክሳዕ ዓርቢ፡ 16 የካቲት 2024 ኣብ ዘሎ ግዜ ኪቐርብ ይከኣል እዩ።

ኮሚቴ ኣማኸርቲ E-SPLOST፡ ካብ ዜጋታት ንዝተረኽበ ርእይቶታት የቕርብን ብኣታዊ E-SPLOST ተመዊሉ ብመረጽቲ ፍቓድ ንዝተዋህበ ዝርዝር ፕሮጀክት ድማ ይምርምርን። እዚ ኮሚቴ፡ ኣብ መንጐ DCSDን ኮም ካውንቲ DeKalbን ግሉጽነትን ርክብን ክህሉ ዝብል ሓበራዊ ሸቶ ንዝለዎም ኣባላት ሕብረተሰብ ዘካተተ እዩ።

እቶም ሕጹያት፡ ኣብ ውሽጢ ክልል DCSD ዝቕመጡ ተቐማጦ ኪኾኑ ይግባእ። እዞም ኣባላት፡ ኣብ ቦርድ ትምህርቲ ደካልብ ካውንቲ (DeKalb County Board of Education) ዘለዉ ኣባላት፡ ሰራሕተኛታት DCSD ወይ ካብ ፕሮጀክታት DCSD ዝኾነ ቁጠባዊ ረብሓ ዘለዎም ሰባት ክኾኑ የብሎምን። ተሞክሮ ስነ-ሕሳብ፡ ኣርኪተክቸር፡ ኦዲት፡ ህንጻ፡ ምህንድስና፡ ፋይናንስ፡ ትምህርቲ መዋዕለ ህጻናት-12 ክፍሊ፡ ሕጊ፡ ምድላው ውጥን፡ ምሕደራ ፕሮጀክት ከምኡውን/ወይ ድለላ ኣባይቲ ክህሉ ይድለ።

ብተወሳኺ፡ ሕጹያት፡ ኣብ ወርሓዊ ኣኼባታት ንምስታፍ ካብ ግዚኦም ክልተ ሰዓታት ክህቡ ኪኽእሉ ይግባእ። እዚ ኣኼባታት፡ ኣብ ግዜ ምሸት ብፍሉይ ይካየድ። እቶም ዝተመርጹ ሕጹያት፡ መርመራ ድሕረ-ባይታ ኣብ ዝተኻየደሎም እዋን ክሓልፉን ኣብ ስምምዕ ዘይምቕላዕ ሓበሬታ ድማ ክፍርሙን ይግባእ።

ኣብ ሓደ'ቲ ዝዓበየ ኣውራጃታት ቤት ትምህርቲ ጆርጅያ (Georgia) ብድሕሪ መጋረጃ ኮይንኩም ንኽትሰርሑ ኣብዚ ዓቢ ዕድል'ዚ ንኽተመልከቱ ቀሊል እዩ! ዘለኩም ሓበሬታ ንኽትህቡ፡ ኣብዚ ጠውቑ ።




ኣብ ኣኼባታት ርእይቶ ኮም መዓልቲ ትምህርቲ ACT/SAT ንኽትሳተፉ ንዕድመኩም ኣሎና። ኲሎም ኣብ ማእከላይ ደረጃ ዝርከቡ ተማሃሮ DCSD፡ ኣብ ACT ወይ SAT ብናጻ ብዘይ-ክፍሊት ዝሳተፍሉ ዕድል እንተልዩ ንምርኣይ ንዘራረብ። ነቲ መንሹር ርኣዮ፣ እቲ ዞባዊ ኣኼባ ዚካየደሉ ዕለት መዓስ ምዃኑ ድማ ፍለጡ። ኣብቲ ድምጽኹም ዝስምዓሉ መዓልቲ ኣይተብኩሩ።

DeKalb County
School District



District 6 Town Hall

# ንተማሃሮና ሓለዋ ምግባር

## ኣብ ጣውላ ዚግበር ዝርርብ ድሕነት ቤት ትምህርቲ







ሓሙስ
**29 የካቲት 2024**

**ካብ 5:30 ድ.ቐ**
**ክሳዕ 7:30 ድ.ቐ**

**Stone Mountain High School**
4555 Central Drive,
Stone Mountain, GA 30083

**ፍሉያት ኣጋይሽ፥**
ግዝያዊ መኮነን **Larry Wright**

**Darnell Logan**
*ውሑስ ኣብያተ-ትምህርትን ዝምድናታት ተማሃሮን (Safe Schools & Student Relations)*

**Dr. Kishia Towns**
*Chief Wrap Around Services)*

**ኣኣንጋዲ፥**
**Mr. Diijon DaCosta, Sr.**
*ወኪል ቦርድ (ኣውራጃ 6)*



DCSD SAFE Center Donation from McDonald's (እንግሊዝኛ/ስጳንኛ)

https://www.youtube.com/watch?v=_qKXJ1U-5vk

# Innovative Solutions Laboratory

**መሃዝነት ኣብ DeKalb County School District ምንጽብራቕ**

## ቤት ሙከራ መሃዝነታዊ መፍትሒታት እንታይ እዩ፧

ኣብ ባይታ ንዘሎ ጸገማት ቤት ትምህርቲ ኣብ ምፍታሕ መሃዝነት ብግብሪ ንዜርኢ እማመታት ምወላ ዜውህብ ዓመታዊ ውድድር'ዩ። ክሳዕ **$10,000** ዚበጽሕ ዝተፈላለየ ሽልማታት፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኮይነን ንዝሰርሓ ጉጅለታት ኪውሃብ እዩ።

## ኬመልክት ዚኽእል መን እዩ፧

ጉጅለታት፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኮይነን ዝሰርሓ ክኾና ይግባእ፣ ብ**3-6 ውልቀሰባት** ድማ ዝቖማ ክኾና ይግባእ። ጉጅለታት፡ ንመምሃራን፡ ኣካዳምያዊ ኣሰልጠንቲ፡ ሰራሕተኛታት ደገፍን ኣማሓደርትን ዘካተታ ኪኾና ይኽእላ እየን። ወለድን ተማሃሮን ኪካተቱ ናይ ግድን ኣይኮነን። ጉጅለታት፡ ምክትታል ንዘገብሩ ርእሰ-መምሃራን ወይ ተሓጋጋዚ ርእሰ-መምሃራን ከካትታ ይግብኤን። ተወሳኺ ዝርዝር ሓበሬታ ንምርካብ፡ ረቛሒታት ቤት ፈተነ መሃዝነታዊ መፍትሒታት ርኣይዎ።

## ኣብ ቤት ትምህርተይ እትሰርሕ ጉጅለ ብኸመይ ከተመልክት ትኽእል፧

ጉጅለታት፡ ነዚ ተምፕለይት ብምጥቃም፡ ውጥን ፕሮጀክት ከማዕብላ እየን። ውጥን ፕሮጀክት ምስተወድኤ፡ ጉጅለታት፡ ንሊንክ መመልከቲ ብምጥቃም ከመልክታ ይኽእላ። መመልከቲ ዝቐርበሉ ናይ መወዳእታ መዓልቲ፡ **ሓሙስ፡ 29 የካቲት፡ ሰዓት 5:00** እዩ።

## ንመዓልቲ ምጉት ተዳለዉ

ኣብ መወዳእታ ዚበጽሑ ተወዳደርቲ፡ ንእማመታቶም ኣብ መዓልቲ ምጉት ንኼቕርቡ ኪዕደሙ እዮም። እቲ ዕድመታት፡ **ዓርቢ፡ 8 መጋቢት** ኣብ መወዳእታ ንዚበጽሑ ተወዳደርቲ ኪልኣኽ እዩ። እቲ መዓልቲ ምጉት፡ **ሮቡዕ፡ 27 መጋቢት** ካብ **10:00 ቅ.ቐ - 2:00 ድ.ቐ** ኣብ **DeKalb School of the Arts** ኪካየድ እዩ።

DeKalb County School District




ተማሃሮና፡ ንዕኦም ኣገዳሲ ንዚኾነ ጕዳያት ለውጢ ዜምጽእ ኣገረምቲ ነገራት ኣብ ማሕበረ-ኮምና የካይዱ ኣለዉ። ነቲ ኣብ ጥዕና ቆርበት ዘሎ ኣፍልጦ ንምብራኽ ዚዓዪ ዘሎ ኣብ Druid Hills High School ዚምሃር Ellis Schroeder ርኸብዎ። ብዛዕባ ስራሓቱ ዚምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብዚ ጠውቑ።


መደብ ኲዑሶ ሰኪዔት
መባእታ
16ን 23ን መጋቢት
2024
DEKALB COUNTY SCHOOL DISTRICT
ኣትለቲክስ
ንኽትምዝገቡ ናብ https://bit.ly/49vKC3 እተዉ





ኣካል ናይዚ ሓድሽ ፕሮግራም ምጥንኻር ስድራቤት ደካልብ ካውንቲ (DeKalb County Family Empowerment Program, The Fambassador Program) ንኺኾኑ ንእተመዝገቡ ኲሎም ሰባት ነመግኖም። እዚ ፕሮግራም'ዚ፡ ተሳተፍቲ ኣብ መሪሕነት ዘለዎም ክእለታት ንኼዕብዩ ከምኡውን ከም ወለዲ/ኣለይቲ መጠን ብዛዕባ ንሓያል ጐድንታቶም ንኽጠናኽሩን ንኻልኦት ድማ ኬካፍሉን የኽእሎም። Fambassadors፡ ንተማሃሮና ንዝገብርዎ ዓበይቲ ነገራት ንኽርእዮ ብሃንቀውታ እጽብ ኣለኹ። ብዛዕባ'ዚ መደብ'ዚ ዚምልከት ተወሳኺ ስእልታት ንኽትርእዩ፡ ኣብዚ ጠውቑ።









ዳውንሎድ ግበርዎ፥ https://bit.ly/4b20U7K

ወለድን መጕዚታትን፡ ነዚ ናጻ ዚኾነት ኣፕሊኬሽን Edulog Parent Portal App ከውርዱ (ዳውንሎድ ኪገብሩ) ምትብባዕ ይግበረሎም። እዛ ኣፕሊኬሽን'ዚኣ፡ ወለድን መጕዚታትን፡ ኣውቶቡስ ውላዶም ኣበይ ከምዘላ ብቐጥታ ንኺከታተሉን ኣውቶቡስ ናብ ፌርማታ፡ ቤት ትምህርቲ ወይ ልሙድ ሓበሬታ ዚውሃበሉ ቦታ ኣብ ዝቕረበትሉ ግዜ እዋናዊ ሓበሬታ ንኺረኽቡን ትገብሮም። ወለድን መጕዚትን፡ ንውላድኩም ዝምልከት ፍሉይ መለለዪ ሓበሬታ ብምምዝጋብ ጥራይ ኣገልግሎት ይረኽቡ። ብዛዕባ'ዛ ኣፕሊኬሽን Edulog ዚምልከት ዝኾነ ሕቶታት ወይ ጸገማት እንተሊኩም፡ ብኽብረትኩም ንመጓዓዝያ ቤት ትምህርቲ (DCSD) ብ(678) 676-1305 ተወከሱ። ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብዚ ጠውቑ።







**ምብዓል ወርሒ ታሪኽ ጸለምቲ – የካቲት**

DeKalb County School District | https://www.dekalbschoolsga.org

እንቋዕ ናብ ወርሒ ታሪኽ ጸለምቲ ኣብጽሓኩም! DCSD፡ ኣብ ወርሒ የካቲት፡ ንውርሻ፡ ዓወታትን ኣበርክቶታትን ጸለምቲ ኣሜሪካውያን ክብሪ ትህብ። ኣብ ታሪኽን ባህልን ሃገርና ንዝገበርዎ ኣዝዩ ዓቢ ጽልዋ ክብሪ ኣብ እንህበሉ ግዜ ተጸንበሩና። ንምሃር፡ ክብሪ ንሃብን ብሓደ ኴንና ድማ ንዕበን።

TIGRINYA

Disrupting *forExcellence*